## ወግዒ-ቋንቋ፡ኣብ መንጎ ጀነራል ተድላ ዑቑቢትን ፕሮፈሰር ኤድዋርዶ ኡለንደርፍን

==================/////////////////////////////////////=========================

ክቡራትን ክቡራንን፡ብዛዕባ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ካብ ጊዜ ቁልዕነትና ኣትሒዝና ብዙሕ ሰሚዕናን ኣንቢብና ኢና።እቲ ዝበዝሐ ጽሑፋት ብኣሉታ ዝግለጽ ክኸውን ከሎ፡ኣብ ገሊኡ ድማ ብእወንታ ዝግለጽ ነጥብታት'ዩ።፡ብዙሕ ምርምርን መጽናዕትን ዝግብኦ ምኻኑ ድማ ብቐሊሉ ትርድኦ ጉዳይ'ዩ።እቶም መጽናዕትን ምርምርን ትገብሩ ወከፋት ድማ ካብ ቂምን ቅርሕትን ሓራ ኮይንኩም እቲ ታሪኽ ከም-ዘለዎ ንመጻኢ ወለዶ ከተዘንትዉዎ ተስፋ እገብር።

ንሎሚ ኣጋጣሚ ኮይኑ ክፋለጦም ዕድል ካብ ዝገበርኹ ሰባት፣ብዛዕባ ተድላ ዑቕቢት ተንከፍ፡ካብ ዝጸሓፍዎ ጽሑፋት ቀንጪብ-ቀናጪብ ከቕርብ ተቐሲበ ኣለኹ።እቲ ምንታይ እቲ ሓድሽ ወለዶ እንታይ፡እንታይ ይጸሓፍ ነይሩን፤ኣሎን-መታን ክፈልጥ ብምባል ኢዩ።ካልእ ድማ መን ኢዩ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት መንቋሕቋሕታዊ ሓበሬታ፡ዋላ ብኣሉታ ይኹን ናብ ኣንበብቲ እዝርግሖ ኣሎኹ።ናተይ ድማ ካልእ ርእየትን ኣተናን ዝሓዘ ኢዩ፤እሞ ሠናይ ንባብ እብል።

ቕድሚኡ ግን ናብ ግጥሚ ተድላ ዑቕቢት ከብለኹም'የ።

**“ምስ ኣደብ ዘርኩብ ጥቕሚ ትምህርቲ፣**

**ካብ ኣዝማች ደብልጽ እንኳብ ደገዝማቲ፣**

**ህያው ስም ይገድፍ ዘይመዋቲ፣**

**ኣቕራሽ ካብ ትገድፈሎም ንደቕካ፣**

**ንሎንዶን ሰዲድካ ኣምህሮም ሕድርኻ፣**

**ብዝተመልሱ'ውን ብዙሕ ኪኽሕሱኻ፣**

**ብርሃን ኬብሩሁላ ንዓድኻ።”**

- ባይሩ ዑቑቢት ገረመታይ ኣብ 1944 ዓ/ም/ፈ ዝታዳለወት ግጥሚ'ያ።

በሉ እምበኣር፡ኣቶ ናይዝጊ ክፍሉ ብዝሞቱ ሓጺር ታሪኽ ሕይወቶም ተባሂሉ፡ኣብ ዝሰፈረ ጽሑፍ፡እዚ ዝስዕብ ቀንጪበ ኣቕርብ ኣለኹ።

“…ንፍሲሄር ናይዝጊ ክፍሉ ብመቑሕ ተኣሲሩ፡ኣብ ቅድሚ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ቀረበ። “ወዲ መን ኢኻ፡ እንታይ ኢዩ'ኽ ስራሕካ” ኢሎም ሓተትዎ። ናይዝጊ ኸኣ ብድፍረት መለሰሎም። “ስሪሕካ ስድራኻ ከይትናብስ ኣብ ሓምቢስካ ዘይትወጾ ውቅያኖስ ትሕምብስ ኣለኻ፡ ንምኾኑ መን'ዩ ልኢኹካ” ክብሉ ሓተትዎ። ናይዝጊ ከኣ ድፍረት ብዝመልአ ኣዘራርባ፡ “ለኣኽተይ ማሕበር ሸውዓተ እዮም።ኣነ ከም ዝተሓበረኒ ኸኣ ጎይታይ፡ ንስኹም'ውን ወዲ ማሕበርና ኢኹም ”-ምስ በሎም፡ካብ መንበሮም ሓፍ ኢሎም ብበትሪ ክሃርሙዎ ወስ ምስ ኣበሉ፡ናይዝጊ ግን ቅጭጭ ኣይበሎን።፡ብድፍረት ናይዝጊ ዝተገረሙ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት፡ሓንቲ ቃል ከይወሰኹ ናብ ሸልኡ ክውሰድ ኣዘዙ።



ብፍላይ ኣብቲ ግዜ'ቲ ከም ሕሱም ተቓለስቲ ዝሃድኑን ዘከላብቱን ዝነበሩ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት፡ ንናይዝግን ቤተ ሰቡን ብዙሕ ኣሳራጥዮሞም እዮም።ኣዲኡ ንናይዝጊ ወይዘሮ እሙና፡ ደሃይ ወደን ንምፍላጥ ብዙሕ ገልታዕታዕ ኢለን፡ተንከራቲተን።

ሓደ ግዜ ነፍሲሄር ናይዝጊ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጒኑ ከሎ፡ድሕሪ ክንደይ ምምልላስ ምስ ጀነራል ተላ ዑቕቢት ተራኺበን፡ ወደን ክፈትሓለን ምስ ለመንኦም፡“ወድኺ ግብሩን መልሓሱን ዕረ እዩ” ምስ በልወን፡ “ጎይታይ ንዓኹም'ዩ ዕረ፡ንዓይስ መዓር'ዩ”

ብማለት ከም-ዝመለሻሎም ይንገር'ዩ።ኤርትራ ነጻነታ ምስ ተጎናጸፈት፥ነፍሲሄር ናይዝጊ ንኣዲኡ ወይዘሮ እሙና፡ናብታ ናይ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ቤት ጽሕፈት ዝነበረት ወሲዱ፡ ኣብታ መንበሩ ኮፍ ኣቢሉ "ኣብዚኣ ኮይኑ ድዩ ዘሳቕየኪ ነይሩ፡ በሊ ሳላ ሰውራን ሳላ ደቅኽን ባዕልኺ ኮፍ ኢልክያ"-ብማለት ከምዝተዋዘየን፡ "ኣገናዕ ዞምደቀይ" ብማለት ንብዓት ኣሰንየን ከምዝመለሳሉን ይንገር..."

*ሥነ-ጥበበኛ ግርማይ ኪዳነ (ወድ ፍሊጶ) ድማ ኣብ ተኸታታሊ ጽሑፋቱ፥ኣብ ጉዳይ ጀነራል ተድላ ዑቑቢት እዚ ዝሰዕብ ጽሒፉ* ነይሩ'ዩ።እዚ እውን ዝተቐንጨበ ሕጥቦ ነጥቢ ምኳኑ ክስመረሉ እግባእ እብል።ኣብ ትሕቲ **"ኣይብዘሔን'ዶ ምትኑኻል ብሄራዊ ውደባ ንምሕንኻል"**-ዝብል ኣርእስቲ ኢዩ ሰፊሩ ዘሎ።



"ካልኣይቲ ክፋል ብወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ) ሚላኖ-ኢጣልያ

ሰላማት! በዛ ኣርእስቲ እዚኣ ገይረ ሓጺር ታሪኽ ናይ ኣብ ልዕሌአ ዝተፈጸመ ቶንኮል እቲ ክሳዕ ሕጂ ንቃልስና ካብ ኮለል ናብ ኮለል ዘስጥማ ዘሎ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓረካ) ንኽይፍለጥ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተጨውየ ህሩፋንን ሰሳዔውያንን ዝዘርእ ዘሎ ዓቕመይ ብዝፈቕዶ ክገልጽ ካብ ዝጀመርኩዎ ሓራካ ዕላማኡን ኣተዓማምማኡን ኣብ ምሕባር፡እዚ ታሪኻዊ ቃልሲ ክሳዕ ኣብ ውሽጢ ማህጸን ምምሕዳር ፖሊስ ኤርትራ ተኣታትዩ ምስ ናይቲ እዋን እዚ ላዕላዋይ ኣዛዚ ፖሊስ ዝነበሩ ነፍስሄር ብሪጌደር ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ርክባት ኣጣጢሑ ከም ዝነበረ መዓስን ከመይን ውጽኢቱን ክገልጽ ምኳነይ ኣብ ዝሓለፈት ክፋል ጽሕፍተይ ሓቢረ ነይረ። እሞ ተፈደሉ።

ክቡራት ክቡራን! ኣብ ዓለም ኩሉ ዝንቀሳቐስ ይዕንቅፍ ይዕንቀፍ እዩ።እዚ ኸኣ ባህርያዊ እዩ።ነዚ ኣሚንካ ኸኣ ክትገልጾ እንክሎኻ ታሪኽ ስለ ዝኾነ ኣሉታኡ ይኹን ኣወንታኡ ኩሉ ክትትርኾ ድኣ እምበር ከከም ዝጥዕመካ ከከም ፍርደ ውልቀ ርእይቶኻ ክተዘንትዎ ንኣዘንታዊ ኣይጥዑም ነቲ ክፈልጥ ዝደሊ ኣይጥዑም ስለ ዝኾነ እቲ ዝተዘንተወ ናይ ተበለጽትን ፈላለይትን መኣዲ ኾይኑ ጥራሕ እዩ ዝተርፍ እሞ፡ ናይ ነፍስሄር ብሪጌደር ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ኣብ ብዙሓት ዝተዓለለ ጭብጡ ንኽትረጋግጸሉ ዝሕርብት ጸለመታት ይስማዕ እዩ ክሳዕ ዝለዓለ ከዳዕ ሃገር ገይሩ'ውን ይዕለሎም እዩ።

ተንቀሳቓሳይ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ኾይነ ብንጹርን ብኣካልን ካብ ዝፈለጥኩሎም ምስ እቲ ዝዕለለሎም ከመጣጥኖ እንከለኹ፥ክሳዕ ብዙሕ ግዜ ስለምንታይ? ዝብል ሕቶታትን ልቢ ወለድ መልስታትን ኣብ ኣእምሮይ ሰሪጹ እዩ።ይኹን እምበር እቲ ከምኡ ዝኣመሰለ ርእይቶታት ከምኡ እውን ሓበሬታታት ዝወዓለ ይንገርካ ከም ዝበሃል ክሳዕ እቲ ዝወዓለ ብኣካል ዘስተብሃለ ዘይነግረ ንባዕላ እታ መሰል እትበሃል ናይ ምፍላጥ መሰላ ትዕንቀፍ ምኻና ክርዳእን ክእመንን ይኽእል።ኣምበኣር! ግዜ ድኣ ነዊሑ ኽይከውን እምበር ብዙሕ ግዜ ንነፍስሄር ብሪጌደር ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ዘኪረ ብዛዕበኦም ብኣካል ካብ ዝፈልጦ ጽሒፈ ነይረ።ሕጂ እውን ክደግም እየ እሞ እቲ ናይ ምዝንታው ተራይ ኮይኑ ናይ ገምጋም ምግባር ከኣ ናይ ነፍስ ወከፍ ሰብ ስለ ዝኾነ ንዓኹም እገድፎ።

ክርዳእ ዘለዎ፡ኣነ ናይ ሽድሽተ ወርሒ ካብ ታሕሳስ 1962 ዓ/ም/ፈ ክሳዕ 8 ሰነ 1963 ዓ/ም/ፈ ብመስርሕ መምርሒ ሓለፍተይ ዝነበሩ፣ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ዝተዋህበኒ ምስ ነፍስሄር ብሪጌደር ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ዕቱብ ርክብ ነይሩኒ እዩ።ስልቲ መራኸቢና ኸኣ፥ብከምዚ ዝስዕብ ነበረ።ኣብ መደብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ)..."-ካልእ ድማ ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ ተመራማርን ጸሓፊ ታሪኽን ምንጪ ገይሩ፤ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብእኒ ኣቶ ርእሶም ኪዳነ ዝተዋደደ ታሪኻዊ ጽሑፍ ድማ እዚ ዝስዕብ ብቋንቋ ኢንግሊዝ ሰፊሩ ኣሎ።



Tedla Ugbit who supported the Pro-Ethiopian polices that led to Annexation, and his deputy,Goitom Gebrezghi, police Commander of Asmara, was instrumental in suppressing the 1958 General Strike. During the general strike and demonstrations of 1958 the British consul noted that the majority were Christian and that UP members were "mostly very anti-Ethiopia ( Pool, 2001:53).During the attempted *coup* of *1960*, **Mengistu Neway,** leader of the coup communicated with **General *Tedla Ugbit*** requiring him to secure the borders as the military committee which he lead had decided to recognize Eritrea's independence. But the Eritrean General rejected the offer and preferred to welcome the Emperor in Asmara, on his way from Sudan (Ali, 2007) . As a result of this, the coup was failed and the Emperor returned to the capital on December 17,1960.





Tedla Uqbi inspecting Eritrean police in the 1950s:Tedla Uqbit, Brigadier-General (?-1963): an ardent Unionist who persistently worked and assisted the annexation of Eritrea. Trained under the British, Tedla Uqbit became one of the most feared Eritrean personalities during the Federation years. In 1951 the British Administration sent him for study to England. In November 1954, alongside with two other police officers, dismissed by the Chief Executive on the grounds of redundancy.Tedla Uqbit resigned from his post rather than accept a transfer to a civilian position, giving his reason that his dismissal had been due to his strong support for Union. His case was taken up by the palace, and with pressure from the Federal government, in May 1955 the Chief Executive forced to appoint Tedla Uqbit as deputy Police Commissioner with the rank of Major. [Standing Left to right: Tedla Ogbit, Rezene Berhanu, Seyoum Kahsai,and Zeremariam Azazi, with trainers at a British Police training center ---------------------Source of the picture:Alemeseged's latest book]

እዚ ሓበሬታ'ዚ ብዙሓት እፈልጥዎ ይኹኑ ኢዮም ዝብል እምንቶ ኣለኒ፡፡ግን ድማ ምድጋሙ ድማ ኣየኽፍእን ኢዩ ዝብል መንቀሊ ሓሳብ እሙን ርእይቶ ብምግባር እየ ሓናጢጠ ዘለኹ፡፡ኣነ ግን ናብ ካልእ ርእየት ዘለዎ ኢየ ክእትወኹም ኣንቂደ ዘለኹ፡፡ንሱ ድማ፡ፕሮፌሰር ኤድዋርድ ኡለንደርፍ (1920-2011 ዓ/ም/ፈ)፣ምስ ብርጋዴር ጀነራል ተድላ ዑቑቢት (?-1963 ዓ/ም/ፈ)-ኣብ ሓደ እዋን ማለት ኣብ ወርሒ ሰነ 1944 ዓ/ም/ፈ ኣብ ጉዳይ ቋንቋ ትግርኛ ዝገበርዎ 'ወግዒ-ቋንቋ'፡ኣብ ጋዜጣ ኢዩ፡፡እታ ጋዜጣ ድማ **"ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ"** ምኳና ኣይትስሕትዎን ኢኹም እብል፡፡እሞ ንኺድ በሉ!



ሓሙስ 24 ግንቦት 1936 ወይ ድማ 1944 ዓ/ም/ፈ- "ብደቂ ትግርኛ" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብታ ጋዜጣ ተሓቲሙ ነበረ፡፡ ብ10 ግንቦት 1936 ወይ ድማ 1944 ዓ/ም/ፈ-ዶ/ር ኤድዋርዶ ኡለንዶርፍ ዝተብሃሉ ኢንግሊዛዊ-መበቆሎም ኣይሁዳዊ ዝኰኑ ምሁር-"ቀድሚ ምምስራት **'ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ'**፡ካብ ካልኦት ቋንቋታት እተተርጎመ እንተዘይኮይኑስ፡ብደቂ ትግርኛ እተጻሕፈ ጽሑፍ፡ገለ'ኳ ከምዘይነበረዶ ትፈልጡ ኢኹም፡፡-ዚብል ነቢበ፡፡ድሕሪ ምባል ጀነራል ተድላ ከምዚ ክብሉ ጽሒፎም ቀጺሉ፡፡

"እምበኣር ንሕና ደቂ ትግርኛ፡ከከም ክእለትናን ተዋህኦናን እናጸሓፍና እንሰደሎም፡ብማሕተም ወንጌላዊት ሚስዮን ኣስመራ ገዛ-ክንሻ እናተሓትመ ተሻይጥና እንነቦ ዝነበርና፡**"መልእኽቲ-ሰላም"** ዘስሙ ጋዜጣ ነይሩና፡፡

እዚ ጋዜጣ'ዚ ብ1901 ዓ/ም (1909 ዓ/ም/ፈ) ማለት ቅድሚ 35 ዓመት ኢዩ ዚሕተምን ኪዕደልን ዝጀመረ።ብዙሓት ደቂ ትግርኛ መምህራን፣ነጋዶ፣ትርጁማን፣ሹምባሻት፣ካብ ኤርትራ፣ካብ ሱዳን( ካርቱም) እኳ ከይተረፈ ሓሳባቶም እናጽሓፉ፡ኣብዚ ጋዜጣ'ዚ ይሰዱ ነይሮም፣ብዝተሓትመ ክኣ ናብ'ዚ ዝበልናዮ ዓድታት እናተልኣኸ ይሸየጥ ነይሩ።...

ነታ ጋዜጣ ድማ ዝመስረትዋን ዝሃነጽዋን፡ቀሺ ኦ.ኤሪክሶን ዚብሃሉ ልኡኽ ወንጌል ሽወደናዊ ኢዮም።ነዚ 'ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ' ድማ ቦኹሩ ዝኮነ **"መልእኽቲ ሰላም"** ኢዩ። **"ናይ ዕለት ወረ"** ዝብሃል ጋዜጣ'ውን ብምህዞ መንግስቲ ኢጣልያ ብትግርኛ ይሕተም ነይሩ'ዩ።ኣብ'ዚ **"ናይ ዕለት ወረ"** እዝ'ውን ነቲ መንፈሱ እናተኸተልና ንጸሓሓፍ ኔርና።ስለዚ፡ ዓርከይ ሰሙናዊ ጋዜጣ፡ገና ከይተሃንጸ እንከሎ፣እቲ ቦኹሪ ንጋዜጣታት ትግርኛ፡ **"መልእኽቲ-ሰላም"** ዝስሙ፡ኣብ'ዚ ሃገርና ይዓዩ ነይሩ ኢዩ።

ግናኸ ምንም እኳ ንጽሒፍን ንነብብን እንተ-ነበርና፡ከምዚ ናይ ሎሚ፡ኣብ ሰሙናዊ እንገብሮ ዘሎና፡ብሓርነት ዝደለካዮ፣ናይ ልብኻ ምጽሓፍስ ይትረፍ፣ነጻነት ቢልካ ምውሳእ እኳ ዘፍርህ ነበረ..."-ክብሉ ርእይቶኦም ንዶ/ር ኤድዋርዶ ኡለንዶርፍ ጽሒፎም ነይሮም ኢዮም።

ፕሮፌሰር ኤድዋርዶ ኡለንዶርፍ ድማ ብወገኖም-"ምላሽ ንእሽቶ መግለጺ"-ኣብ ዝብል ርእሲ፡ ከምዚ ዝብል ሓሳቦም ኣስፊሮም ነይሮም ኢዮም።

"ኣረ፡ብጃካ **"መልእኽቲ ሰላም"**፡ብጃካ **"ናይ ዕለት ወረ"** ብቋንቋ ትግርኛን ብደቂ ትግራይን እተጻሕፈ ካልእ ምዕዶታት ወይስ ጋዜጣታት፡ቅድሚ **"ሰሙናዊ ጋዜጣ"**-ገለ ተወዝ ይብል ከም ዝነበረስ ኪከሓድ ዘይክእል ኢዩ።እቲ ክቡር ኣቶ ተድላ፡ኣብ'ዚ ጠቒሶሞ ዘሎዉ፡ብዛዕባ እዚ ዜዛርብና ዘሎ ዚዛረብ ቍጽሪ **"ሰሙናዊ ጋዜጣ"** ድማ፡ነቲ ዕለታት እቲ ኣይክሓደን፡ነቲ ብግዚኡ ዝፈጸሞ ጽቡቕ ግብርታት ክኣ ኣየቃለለል።

ግናኸ፡ **"ብደቂ ትግራይ፡ብቋንቋ ትግርኛ"**-እተጻሕፈ ማለቱ ፋእሙን ጥቅትን፡ልዕሎኡን ትሕዝቶኡን፡ፍረ ኣገልግሎት ደቂ ትግራይ ዝኾነ፣ብጃካ ምምዕባል ቋንቋን፡ምፍጣር ወይስ ምምላስ ኩልቱራ (*ባህሊ*)፡ሓደ ህዝብን ክኣ ካልእ ዕላማ ዘይብሉ፡ናይ ምሉእ ህዝቢ ጠባይን ሃረርታን ንብረትን ዝገልጽን፡ናይ'ቲ ዝመጽእ ጊዜ ዕድል ሓደ ህዝቢ ዝምድብ መሪሕን ሓባርን ዝኸውን ጋዜጣ፡ቅድሚ ሎሚ ኣይነበረን ማለቱ ድኣ'ዩ፤ከመይ'ሲ ሓደ ቋንቋ፡እቲ ካልእ ኣገልግሎት ኣሎዎ።እቲ 1ይ ኣገልግሎቱ ሓሳብ ምግላጽ ኢዩ።እቲ ካልእ ኣገልግሎት ድማ ሕይወትን ዕድመን ምሃብ ኢዩ።እምበኣርከስ፡እተን ዝሓለፉ **"መልእኽቲ ሰላም"**፡ **"ናይ ዕለት ወረ"** ዝስማተን ጋዜጣታት እንተነበራ..."-ክብሉ ምላሽ ሂቦሙሉ ነበሩ።

ካብ'ዚ "ወግዒ-ቋንቋ" ዝሕመረቱ ዛዕባ'ዚ፡ብዛዕባ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት፥ ገለ ክንርዳእ ንክእል ኢና እብል።ንሱ ድማ ሓደው ሃብሮም ኣንባቢ ምንባሮም፣ኣብ መዳይ ዓውደ ታሪኽን ሥነ-ጽሑፍን እውን ግዱስ ምንባሮም ካልእ ነጥቢ ኢዩ።ሳልሳይ ድማ ባዕሉ እምብዛ ተገዳስነት ኣብ ጉዳይ ቋንቋ ትግርኛን ጋዜጣን ምንባሮም፡ነዚ ኣድሂቦም እዚ ጽሑፍ ምጽሓፎም፡ማዕረ ክንደይ ዕቱብ መንእሰይ ምንባሮም ዝእንፍት ሕያው ኣብነት'ዩ ኸኣ እብል።ኣብ ሥነ-ግጥሚ'ውን ፈተነታት እገብሩ ምንባሮም ሓደ መርኣያ'ዩ ክበሃል ይኽእል ኢዩ።

ንስኹም/ንስኻን'ውን ትብልዎ/ትብልኦ ድማ ንሰምዕ ወይ ነንብብ ንኸውን ኢና እብል።

**ኣብራሃም ብርሃነ**

**ኣድራሻ**፡shamdenden@gmail.com

***ምሥጋና፡***

- ✓ ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ፣
- ✓ ነፍስሔር ግርማይ ኪዳነ፣

- ✓ ፕሮፌሰር ገብሩ ታረቐ፣
- ✓ ንመምህር ኣስፋው ደገፋው፣
- ✓ ንነፍስሔር ዶ/ር ደጃዝማች ዘውደ ገብረሥላሴ፣
- ✓ ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ፣
- ✓ ኣቶ ገብረመስቐል ገብረዮሃንስ፣
- ✓ ኣቶ ብርሃነ ተፈሪን ወዘተን